ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
الهيئة التنفيذية

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Executive Committee

---

# ዝኽሪ 6ይ ዓመት መስዋእቲ ሓርበኛ ዶር. በየነ ኪዳነ !!

ጅግና ሓርበኛ ዶር. በየነ ኪዳነ፡ ካብ ዝስዋእ ድሮ 6 ዓመት ኮይኑ። ስዉእ ዶር. በየነ ብዕለት 05 ሚያዝያ 2013 ተሰዊኡ፡ ዕለት 16 ሚያዝያ 2013 ድማ ብዓቢ ስነ ስርዓት፣ ኣብ ከተማ ከለን - ሃገረ ጀርመን፣ ዝተፈነወላ ዕለት ኢያ።

ዶር. በየነ፡ ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ካብቶም ዝተቓለሱን ዘቃለሱን ልሉያት መራሕቲ ኢዩ ነይሩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ገድላዊ ታሪኹ ንወሎዶታት ተዘኪሩ ክነብር እዩ።




ጅግና መራሒና ዶር. በየነ ዝርከቦም ጀጋኑ ስዉኣትና ዝተቓለስሎም ዕላማታትን ራኢታትን ናብ ሸቶኦም ከነብጽሖም መብጸዓ ኩሉ ኣባል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኢዩ። ካብዚ ሓቒ'ዚ ብምብጋስ፣ ቃልስና ብዝሓየለን ብዝተዓጻጸፈን ኣገባብ ብምቕጻል፣ ኣብ ሃገርና መሰረታዊ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ከነረጋግጽ ምኽንያት ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ጅግና መራሒና ስዉእ ዶር. በየነ ኪዳነ፡ ሕጂ'ውን ነቲ ምድሓን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምርግጋጽ ብሓባር ዝተበገስናሉ ቃልሲ ንምዕዋት፣ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታት ተሓባቢርና ክውን ክንገብሮ ኢና። ብኣካል'ኳ እንተ ተፈለኻና፡ እቲ ዝገበርካዮ ልዑል ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ንዘልኣለም ኣብ መዛግብ ሃገርናን ውድብናን ተዘኪሩ ክነብር ኢዩ።

ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ጀጋኑ ስዉኣት !!

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዕለት፡ 05-04-2019